ኣልሁዳ الهدى
www.alhuda1.com

ኣኣብ ሰለስተ ወርሒ እትሕተም እስላማዊት መጺሔት ቁ፡ (15)01.08.2005

## *ትሕዝቶ ሕታም*


- ሮመዳን ከሪም (ርሑስ ሮመዳን ይግበረልኩም...…….......(1)
- ሓፈሻዊ ትንተና ሓሙሽተ ዓንዲታት እስልምና………..(2)
- ቢዳየት ኣልኸልቕ( መድራኻት ኣፈጣጥራ ወዲሰብ )…..(6)


### ቃል - ኣልሁዳ

ክቡራት ኣንበብቲ መጺሔት ኣልሁዳ

ሰላምን ርህራሄን ናይቲ ርህሩህ ፈጣሪና ይብጻሕኩም :ወኩሉ ዓም ወኣንቱም ቢኼር ወረመዳን ከሪም::
ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብቲ ቅዱስ ቁርኣን ከምዚ ይብል:

**{يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا كُتِبَ عَلَيْكُمُ الصِّيَامُ كَمَا كُتِبَ عَلَى الَّذِينَ مِن قَبْلِكُمْ لَعَلَّكُمْ تَتَّقُونَ} (البقرة: 183).**

ምእንቲ ፍርሂ ኣላህ ኣብ ልብና ክስርጽን በቲ ዝሓገሶ ሕጊ ተኸቲልና ምእንቲ ክንጓዓዝን ኣላህ ናዓና ዘንጽህን ትዕግስቲ ምትሕልላይን እንማሃረሉ ናይ ጾም ወርሒ ጌሩልና።
እዚ ወርሒ ሮመዳን ዝበለጸ እሞ ቁርኣን ዝወረደሉ ወርሒ ስለዝኾነ ቁርኣን እናቐራእናን ካብ ኩሉ ንጾምና ዘበላሽውን ዝጎድእን ካብ ቂምታን ቅርሕንትን ምሕማይን ምብኣስን ተቖጢብናን ርሒቕናን
ነዛ ሮመዳን ናይ ብሓቂ ናይ ቁርኣን ሮመዳን ክንገብራን:ንሕና ኣሰናዳእቲ መጺሔት ኣልሁዳ ተስፋናን ድልየትናን ትምኒትናን ምኻኑ ክገልጽልኩም ደስ ይብለና።

ናይ ሙሳማሓን ናይ ሕደገትን ወርሒ ካኣ ይግበረልና::ነፍስና ካብቲ ጠሊቓቶ ዘላ ዓዘቕቲ ከነውጻኣ እነሆ እቲ ለዋህ ፈጣሪና ናይ ራሕማ ሮመዳን ንኽንጾሞ ዕድል ይህበና።

እሞ ሃየ ነዚ ዕድል እዚ ኣይነጥፋኣዮ።

ኣሳናዳእቲ መጺሔት ኣልሁዳ::

ቀዳማይ ዓንዲ እሱ ድማ ( ኣሽሃድ ኣንላኢላህ ኢልላ ኣልላህ ወአንን መሓመደን ረሱል ኣልላህ)
ሕቶ ፡ ስለምንታይ ኣቲ ሸሃዳ ናብ ክልተ ዓንዲታት ዘይተመቕለ ?

መልሱ ድማ ፡ ብክልትአን ምምስካር ቅንዕናን ሓቅነትን ጹቡቅ ተግባራትን ይህነጽ፡ ሸሃዳ (ምምስካር) አነ ላኢላህ ኢልላ አልላህ ኢኽላስ ( ንጽህና ናይ ልቢ ) ይሓትት: ሸሃዳ (ምምስካር) አንነ መሓመደን ረሱል አልላህ ድማ ብሓቂ ንረሱል ምስዓብ ትሓትት።

ዝኾነ ዓመል(ተግባር) ናብ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ከቅርበኒ ኢልካ ትፍጽሞ ብዘይ ቅንዕና ንአልላህን ንረሱልን ምስዓብን ቁቡል ኣይኮውንን ።
አን ተሽሃድ (ምምስካር) አነ ላኢላህ ኢልላ አልላህ ድማ ፡ ወዲ ሰብ ብመልሓሱን ብቀልቡን በጀካ ኣልላህ ብሓቂ ዝግዛእ ከምዘየሉ ምእማን ማለት ኢዩ ፡ ከምኡውን አሽሃዱ (እምስክር) ክትብል እንከለኻ ፡ ብቀልበይ እውስን ብመልሓሰይ እብል፡ ምምስካር ብድምጺ ነቲ ኣብ ቀልብኻ ዘሎ እምነት ምሕባር ማለት ኢዩ፡።

ግን ናይ ምዝራብ ሽግር ንዘለዎም ሰባት ብቀልቦም እንተ መስከሩ እኹል ኢዩ።
ሽሃዳ ( ምምስካር ) ብመልሓስ ጥራይ ኡኹል አይኮነን ፡ ሙናፍቂን ውን ብሓደውነት ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ብመልሓሶም ይብሉ ኢዮም ፡ ኢቲ አብ ልቦም ዘየሎ ብመልሓሶም ይብሉ ።ኣዚ ድማ አይጠቕሞምን ኢዩ ፡ ናብ ረሱል አልላህ መጽዮም ረሱል ምኻኑ ይምስክሩ ምኻኖም የረጋግጹሉ ፡ ግን ሱብሓነሁ ወተዓላ እዞም ሙናፍቂን ሓሰውቲ ምኻኖም ድማ ይምስክር ።
ላኢላህ ኢልላ አልላህ ንብል ካልእ ተገዛኢ ብሓቂ የለን እንዳበልና ከመይ ኢዩ ካልእ ኢላህ ደኣ ዝግዛእ ፡ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣሊሃ ሰምዩዋ ከምኡውን ተገዛእቲ ኢዛ ኣሊሃ ኣሊሃ ዝብል ሽም ሂቦማ ፡ ኣልላህ ዓዛ ወጀል ኣብ ሱረት ሁድ ኣያ ቁ:(101)ይብል .

وَمَا ظَلَمْنَاهُمْ وَلَكِنْ ظَلَمُوا أَنفُسَهُمْ فَمَا أَغْنَتْ عَنْهُمْ آلِهَتُهُمْ الَّتِي يَدْعُونَ مِنْ دُونِ اللَّهِ مِنْ شَيْءٍ لَمَّا جَاءَ أَمْرُ رَبِّكَ وَمَا زَادُوهُمْ غَيْرَ تَتْبِيبٍ (101)

ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ድሕሪ ኢቲ ዛንታታት ናይ ቀዳሞት ኣንብያእ ንነቢ አላህ አብተን ነዛ ጥቕሲዚአ ዝቀደማ ጥቅሲታታት ወረ ቆም(ህዝቢ) ኑሕ : ዓድ :ሰሙድ : ሉጥ: ኣስሓብ መድየንን ፍርዓውንን እቲ ኩሉ ሃልክ ዘውረድናሎም ካባና ወጽዓን አይኮነን:እንታይዳኣ ባዕሎም ኢዮም ብሽርክን ማዕስያን ብኣያት ረቢ ድማ ብዘይምእማንን ንሉኡኻትና ድማ ብምንዓቆምንን ትዕቢታቶምን እዩ፡
ቀጺሉ ይብል ረቢ ሁብሓነሁ ወተዓላ ኢቶም ጣኦት ኮኑ ወይ ካልኦት ከም ጎይቶት ዝኣምንዎም ዝነበሩ ብዝተፈላለየ ዕባዳት ከም ዱዓ ወይ ንዝር ማሕረድን ክብረት ዝኣመሰለ ክጠቅምዎ አይከ አሉን ።
ትእዛዝ ረቢ ምስመጸ እቶም ሙሽርኪን ብዝፈጸምዎ ግጉይ ተግባራት ንረቢ ምክሓዶም ብኡ መሰረት ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ስቓይን ኽሳራን ኢዩ ዘውረደሎም ።
ኣላህ ኣብ ሱረት ኣልኣንቢያእ ኣያ 43 ይብል:

أَمْ لَهُمْ آلِهَةٌ تَمْنَعُهُمْ مِنْ دُونِنَا لا يَسْتَطِيعُونَ نَصْرَ أَنفُسِهِمْ وَلا هُمْ مِنَّا يُصْحَبُونَ (43)

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልቐሰስ ቁ. 88 ይብል:

(وَلا تَدْعُ مَعَ اللَّهِ إِلَهاً آخَرَ لا إِلَهَ إِلاَّ هوَ )

ምስ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንካልኣይ ኢላህ ኣይትገዛእ ብዱዓእ ኮነ ወይ ብንዝክር ወይ ምሕራድ ኮታስ ብዝኾነ ጣዓት ብዘይካ ንኣልላህ ዓዛ ወጀል እንተዘይኮይኑ ንካልእ ኣይትግበር ።
እዛ ላኢላህ ኢልላ አልላህ ትብል ቃል: ንሓደውነት አልላህ ትሕብር በጀካ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ድማ ኻልእ ገዛኢ ወይ ጎይታ ከምዘይምህላዉ ድማ ተረጋግጽ ።
(كُلُّ شَيْءٍ هَالِكٌ إِلاَّ وَجْهَهُ)
ከምኡውን ረቢ ይሕብር ዝኾነ ፍጻሜ ንወጅሂ አልላህ ኢልካ ዘይትፍጽሞ ፡ ዓሰቢ ኣልቦ ኮይኑ ኢዩ ዝጠፍእ ፡ ዝኾነ ነገር በጀካ አልላህ ዓዛ ወጀል በራሳይ ኢዩ: ረቢ ግን ዘልኣለማዊ ህልው ኢዩ ።
(لَهُ الْحُكْمُ وَإِلَيْهِ تُرْجَعُونَ)
ኣብ መንጎ ኩሎም ባሮቱ ፍርዱ ፍትሒ ብዘይ ኣዳልው ኢዩ ፡ ደቂ_ሰብ ድሕሪ ሞት ድማ ምእንቲ ሒሳብን ፍርድን ናብ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ክትምለሱ ኢኹም ፡ ካብዚ ድማ እቲ ሓቅነት ትንሳኤን ሒሳብን ይረጋገጽ ንኽእል ።

ካብዚ ዝሓለፉ ጥቅስታት ቁርኣን ኢዞም ኣሊሃ ኮይኖም ኣብ ክንዲ ረቢ ኮይኖም ዝግዘኡን ዝሽብሩን ዘለዉ ናይ ብሓቂ ኣሊሃ ኣይኮኑን ፡ ወላ ሓንቲ ናይ ኡሉሂያ ሓቅነትን መሰልን የብለሙን ብተወሳኺ ነዚ ብህሊ ተረጋግጽ ጥቅሲ ቁርኣን ድማ ንመልከት:ኣላህ ኣብ ሱረት ኣልሐጅ ቁ.62

ذَلِكَ بِأَنَّ اللَّهَ هُوَ الْحَقُّ وَأَنَّ مَا يَدْعُونَ مِنْ دُونِهِ هُوَ الْبَاطِلُ وَأَنَّ اللَّهَ هُوَ الْعَلِيُّ الْكَبِيرُ (62 )

እንተደኣ ሓደ ሙሽሪክ መጽዩ ኣብ ቅድሚ ጣኦት ኮይኑ ይስግድን ክሳብ ልቡ ዝጠፍኦ ብኽሹዕ እንተ ተገዚኡዎ እዚ ስግዳኑ ቅቡል ኣይኮውንን ኩሉ ድኻሙ ንናይ ብሓቂ ኣላህ ንኽግዛእ ስለ ዘይተፈጸመ ኮንቶ እዩ ዝተርፍ።

ሕቶ ፡ ሸሃዳ ንወዲሰብ ናብ እስልምና ተእትዎ ድያ ?

መልሲ ፡ እወ ወላኳ ክድሕን ኢሉ ብኣፉ እንተበላ እስልምና ክኣቱ ይኽእል እዩ ፡ ደሙን ገንዘቡን በዛ ሸሃዳ ዝበላ ሓስዩ ይኹን ብሓቑ: ደሙን ገንዘቡን ዕቁብ ክሽዉን እስልምና መሰሉ ይሕልወሉ እዩ።
ነዚ ዘረባዚ ዘረጋግጽ መርትዖ: ኡሳማ በኒ ዘይድ ረቢ ይርደየሎም ፡ ብዛዕባ ሓደ ሙሽርክ ኣብ እትስዕብ ዛንታ የብርሁልና ፡ እዚ ሙሽርክ እንዳ ሃደመ ከሎ ኡሳማ ጉራዴኡ ሒዙ ምስ ኣርከቦ ንነፍሱ ክድሕን ኢሉ ላ ኢላህ ኢላ ኣልላህ እንዳበለ ኸሎ ኡሳማ ይቀትሎ ኣሎ ፡ ድሕሪኡ ነቢ ዓለይህ ሰላት ወሰላም ይሰምዑ አለዉ ( ላ ኢላ ኢልላ አልላህ ድሕሪ ምባሉ ቀቲልካዮ ብተደጋጋሚ ይብሉ ኣለዉ ፡ ሽዑኡ ኡሳማ ኦ ልኡኽ አልላህ ብሓቁ ኣሚኑ አይኮነን ምእንቲ ነፍሱ ክድሕን ኢሉ ኢዩ ኢሉ: ምስበሎም ፡ረሱል አላህ እንደገና ደጊሞም ላ ኢላህ ኢላ አልላህ ምስበለ ቀቲልካዮ በሉ ፡ኡሳማ ይብል አብቲ ግዜቲ፡ ብምሒር ጣዕሳን ሐዘንን ዘይ አስለምኩ እንተዝኾዉን ምሓሸኒ ኢለ ተመነኹ ፡ ዝለዚ ንሕና ጥራይ እቲ ብደገ ንርኦ ይኣኽለና ኢዩ ፡ ወላኳ መብዛሕትኡ ሓሳባትና ምእንቲ ክድሕን ኢዩ እንተ በልና ግን እንተደኣ ካብ ዲን ወጽዩ ተረኺቡ ክቅተል ኣለዎ።

ንአብነት ::ወተሃደራት ኩፋር አብ ውግእ ክማረኹ ከለዉ ምእንቲ ካብ ምቕታል ክድሕኑ ክብሉ እስልምና ይብሉ ፡ ኣብዚ ሙጃሂዲን ይብሉ ወተሃደራት ጸላኢ ምስማረኽናዮም ላ ኢላህ ኢልላ አላህ ይብሉ እሞ ክንቀትሎም ይግባእ ድዩ ወይስ በታ ሸሃዳ ዝበሉዎ ክንሓድጎም ?

መልሲ ነዚ ሕቶዚ ድማ ሓዲስ ኡሳማ ኢብን ዘይድ ይምልሶ ።ግን ክንከታተሎም ይግባእ እንተደኣ ካብ እስልምና ወጺኡ ክንቀትሎም አለና ፡ በቲ ሸሃዳ ዝገበሩዎ እስልምና ኣትዮም ኢዮም ብሕግታት እስልምና ድማ ክፍረዱ አለዎም ።እሱ ድማ ዝኾነ ኣስላማይ ዲኑ ገዲፉ ዝወጸ ብመቕተልቲ ይፍረድ ።

ብተወሳኺ ካፍር እንተደ ሸሃዳ ላኢላህ ኢልላ አልላህ ኢሉ ሰይድና መሓመድ ልኡኽ ናይ አልላህ ምዃኑ እንተደይ አሚኑ ሸሃዳኡ እኹል ኣይኮነን ናይ ግድን ኢዩ መሓመድ ረሱልላህ ኢሉ ክብል።

ሸኽ አልኢስላም ኢብን አልተይምያ ረቢ ይርሓመሉ ይብል ፡ እቲ መጀመርታ ትእዛዝ ደቂ ሰባት ክፍጽምዎ ዝተኣዘዙ ሸሃደተ አን ላኢላህ ኢላ አላህ ወ አነ መሓመድ ረሱልላ ክብሉ ኢዩ ፡ በዛ ሸሃድ መሰረት ካፍር ዝነበርረ ኣብ እስልምና ይኣቱ ፡ እንተደኣ ኣስላምይ ኮይኑ መጨረሻ ቃላቱ ሸሃዳ አን ላኢላህ ኢልላ አልላህ ነይሩ ይብል።

ሉኡኽ አልላህ ሰላ አልላህ ወሰላም ( ወዲ-ሰብ ቅድሚ ምማቱ መጨረሻ ዘረባኡ ላኢላህ ኢላ አላህ ኣንተደኣ ነይሩ ጀና ይአቱ) ሓዲስ ሰሒሕ ።
አብዚ ሓዲስ እዚ እንተደኣ ምልስ ኢልና ርኢና መሓመድ ረሱል አላህ ኣይተወሰኸን ምኽንያቱ እቲ ዝመውት ዘሉ ሰብ ረሱል ዓለይህ ሰላት ወሰላም ልኡኽ ናይ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ምዃኑ ይኣምን ስለ ዝኾነ እዩ ።

ሸሃዳ አን ላኢላህ ኢላ አላህ ፡ ብቅንዕና ንአላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ክንግዘኦ ግድን ኢዩ ፡ ኢዚ ድማ ተውሒድ አልኡሊሂያ ይስመ ፡ ወይከኣ ተውሒድ ኣልዒባዳ ፡ ምኽንያቱ ፡ ቱርጉም ላኢላህ ኢላ አላህ ማለት በጀካ ኣቲ ሓደ ኣላህ ካልእ ብሓቂ ተገዛኢ የሎን ማለት ኢዩ ።
ካልእ ጎይታ ኣይትግዛእን ፡ ላኢላህ ኢላ አላህ ኢንዳበለ ንኻልእ ዝግዛእ ሓሳዊ ኢዩ ፡ ሸሃዳ አን ላኢላህ ኢላ አላህ ኩሉ ዒባዳና ብቅንዕና ንኣላህ ንክሽውን ትግድደና ከምኡውን ናብ ሽርኪ ዘቕርበና ከም ትዕቢትን ኩርዓትን ካባና ከነርሕቆ ይግባእ።
ወአንና መሓመደን ረሱል አልላህ :
ኣብዚ ድማ ሰይድና መሓመድ ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ሉኡኽ ናይ አላህ ምኻኑ ምምስካር ናይግን ይኸውን ፡ ማለት ካብ ረቢ መልእኽቲ ናብ ደቂ-ሰባት ከመሓላልፍ ሓላፍነት ዝተዋህቦ ምዃኑ ምምስካር ።
ደቂ-ሰባት ቅድሚ ሰይድና ኑሕ ዝነበሩ ህዝብታት ሓደ ሕብረተሰብ ወይ ውሑዳት ስለዝነበሩ ሓደ እምነት ስለ ዝነበሮም ልኡኻት ኣየድለዮምን። ግን ድሕሪኡ ምስ በዘሑ ብዙሕ ፍልልያት ክርአ ምስ ጀመረ ኣድላይነት ሉኡኻት ግድን ኮይኑ፡ አልላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ሉኡኻት ሰደደ ።

**ኣልላህ ዓዛ ወጀል ኣብ ሱራት ኣልበቀራ ኢያ ቁ. 213 ይብል፥**

كَانَ النَّاسُ أُمَّةً وَاحِدَةً فَبَعَثَ اللَّهُ النَّبِيِّينَ مُبَشِّرِينَ وَمُنذِرِينَ وَأَنزَلَ مَعَهُمُ الْكِتَابَ بِالْحَقِّ لِيَحْكُمَ بَيْنَ النَّاسِ فِيمَا اخْتَلَفُوا فِيهِ وَمَا اخْتَلَفَ فِيهِ إِلاَّ الَّذِينَ أُوتُوهُ مِنْ بَعْدِ مَا جَاءَتْهُمْ الْبَيِّنَاتُ بَغْياً بَيْنَهُمْ فَهَدَى اللَّهُ الَّذِينَ آمَنُوا لِمَا اخْتَلَفُوا فِيهِ مِنْ الْحَقِّ بِإِذْنِهِ وَاللَّهُ يَهْدِي مَنْ يَشَاءُ إِلَى صِرَاطٍ مُسْتَقِيمٍ (**213**)

**ኣልላህ ዓዛ ወጀል ኣብ ደቂ - ሰባት ፍልልይ ምስ ተረኣየ እዩ ምእንቲ ብሓቂ ክፈድይዎምን ናብ መንገዲ ቕንዕና ክመልስዎም መታን ብዝብል መሰረት እዩ ሉኣኻት ዝሰደደ ።**
**ቀዳማይ ሉኡኽ ሰይድና ኑሕ ዓለይሂ ሰላም ክኸዉን ከሎ ሰይድና መሓመድ ድማ ናይ መደምደምታ ሉኡኽ ኣላህ እዩ ፡ ሰይድና መሓመድ መደምደምታ ሉኡኽ ምዃኖም ድማ ክንኣምን ግድን ኢዩ ፡ ጸሓፍቲ ታሪኽ ይብሉ “ ቅድሚ ኑሕ ሉኡኻት ናይ ኣላህ ነይሮም ” ዝብል ሓቤሬታ ይህቡ ግን እዚ ብህሊ እዚ ጌጋ እዩ ፡ ነዚ ዘረጋግጽ መርትዖ ድማ ካብዛ እትስዕብ ጥቅሲ ቁርኣን እዚአ ክንረኽቦ ንኽእል ።**

**ኣልላህ ዓዛ ወጀል ኣብ ሱረት ኣልንሳእ ኢያ ቁ.**163 **ይብል**:

إِنَّا أَوْحَيْنَا إِلَيْكَ كَمَا أَوْحَيْنَا إِلَى نُوحٍ وَالنَّبِيِّينَ مِنْ بَعْدِهِ وَأَوْحَيْنَا إِلَى إِبْرَاهِيمَ وَإِسْمَاعِيلَ وَإِسْحَقَ وَيَعْقُوبَ وَالأَسْبَاطِ وَعِيسَى وَأَيُّوبَ وَيُونُسَ وَهَارُونَ وَسُلَيْمَانَ وَآتَيْنَا دَاوُودَ زَبُوراً (**163**)

**ከምኡውን ኣብ ሱራት ኣልሓዲድ ይብል ዓዛ ወጀል ካብ ኣያ** 26:

وَلَقَدْ أَرْسَلْنَا نُوحاً وَإِبْرَاهِيمَ وَجَعَلْنَا فِي ذُرِّيَّتِهِمَا النُّبُوَّةَ وَالْكِتَابَ فَمِنْهُمْ مُهْتَدٍ وَكَثِيرٌ مِنْهُمْ فَاسِقُونَ (**26**)

**ብዛዕባ ሽፋዓ ዝምልከት መርትዖ ኣብ ሱና ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ደቂ- ሰባት መዓልቲ ሒሳብ ናብ ሰይድና ኑሕ ይመጹ እሞ “ እስኻ እንዲኻ ቀዳማይ ልኡኽ ናብ ሰብ ምድሪ ኣላህ ዝሰደደካ ” ይብልዎ ። ስለዚ ዓቂዳና (እምነትና)፡ ቀዳማይ ሉኡኽ ናይ ኣላህ ሰይድና ኑሕ (ዓ.ሰ.) ክኸውን ከሎ ናይ መደምደምታ ሉኡኽ ኣላህ ድማ ሰይድና ሙሓመድ ዓ.ሰ.ወ. ምዃኑ ክንኣምን ግድነት እዩ ።**

**ሰይድና መሓመድ ናይ መደምደታ ሉኡኻትን ነብያትን ካብ ኮኑ ብድሕረኦም ነብይ እየ ዝበለ ድማ ካፍር እዩ ፡ ናይዚ መረጋገጺ መርትዓ ድማ ኣብ ሱረት ኣልኣሕዛብ ካብ ኣያ ቁጽሪ** 4 **ክንረኽቦ ንኽእል**:

مَا كَانَ مُحَمَّدٌ أَبَا أَحَدٍ مِنْ رِجَالِكُمْ وَلَكِنْ رَسُولَ اللَّهِ وَخَاتَمَ النَّبِيِّينَ وَكَانَ اللَّهُ بِكُلِّ شَيْءٍ عَلِيماً (**40**)

**ኣብዛ ኣያ እዚኣ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ ፡ ረሱል ኣላህ ኢሉ ኣይጠቐሰን ፡ ናይ መደምደምታ ነብያት ጥራይ እዩ ዝበለ ፡ እዚ ድማ ኩሉ ሉኡኽ ኣላህ ነብይ ከይኾነ ሉኡኽ ስለ ዘይኾውን እዩ ።**
**በዚ ምኽንያት ድማ ጥራይ መደምደምታ ነብያት ዝበለ ።**
**ምእንቲ ሽሃደቱ ኣንነ ሙሓመደን ረሱሉ ኣላህ ኢልና ንከነብቅዕ እዘን ዝስዕባ ኩነታት ከነማልእ ይግባእ።**

**ቀዳማይ ፡-**
**ሉኡኽ ኣላህ ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ዝሓበሩና ምእማን ፡ ወዲ- ሰብ ኣብቲ ረሱል ዝሓበሩና ጋግ መጋእ ከይበለ ፡ ኣብ ልቡ ካብቲ ብኣፉ ዝበሎ ንላዕሊ ክቅበሎ ይግባእ ።**
**ረቢ ኣብ ሱረት ኣልዛሪያት ካብ ኣያ ቁ.** 23 **ይብል ፡**

فَوَرَبِّ السَّمَاءِ وَالأَرْضِ إِنَّهُ لَحَقٌّ مِثْلَ مَا أَنَّكُمْ تَنطِقُونَ (**23**)

**ወዲ ሰብ ካብቲ ብኣፉ ዝብሎ ኣይጠራጠርን እዩ ፡ ከምኡውን እቲ ሉኡኽ ኣላህ ብኣፎም ዘበሉዎ ክንጠራጠር ኣይግባእን ፡ ግን ሉኡኽ ረቢ ምሳና ስለ ዘየለዉ ፡ ናይ ግድን እዩ እቲ ዝበጸሓና ሓዲስ ሓቂን ቁንዑን ምዃኑ ክንፈልጦ ፡ ኣንተደአ እቲ ሓዲስ ሰሒሕ ምዃኑ ኣረጋጊጽና ክንኣምኖ ድማ ግድነት እዩ ።**
**ኣብ ገለ ገለ ሓዲሳት ወላኳ ቱርጉሙ ንረዳእ እምበር ኣንፈቱ ናበይ ከምዘብል ምርዳኡ እንተ ኣሸገረ ሓቂን ቁኑዕን ሓዲስ ምዃኑ እንተ ኣረጋግጽና ክንኣምነሉን ብትእዛዙ ክንሰርሕን ናይ ግድን እዩ ።**

**ካልኣይ ፡-**
**ልኡኽ ኣላህ ዝኣዘዙዎ ብቐጥታ ምቕባል ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣልኣሕዛብ ኣያ ቁ.**36. **ይብል**

وَمَا كَانَ لِمُؤْمِنٍ وَلا مُؤْمِنَةٍ إِذَا قَضَى اللَّهُ وَرَسُولُهُ أَمْراً أَنْ يَكُونَ لَهُمْ الْخِيَرَةُ مِنْ أَمْرِهِمْ وَمَنْ يَعْصِ اللَّهَ وَرَسُولَهُ فَقَدْ ضَلَّ ضَلالاً مُبِيناً (36)

ስለዚ እብል ፡ እቲ ገሊኣቶም ዝብልዎ ፡ ትእዛዝ ካብ ረብን ረሱልን ክመጽእ ከሎ እዚ ትእዛዝ እዚ ግድነት ድዩ ወይስ ንምፍጻሙ ይፍቶ ? ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሕቶ ክሕተት ኣይግባእን እዩ ፡ ካብ ሓንጎልና ድማ ከነርሕቆ ይግባእ ።
ሰሓባ ናይ ነብይ ኣላህ ረቢ ይርደየሎም ነብይ ኣላህ ዓ.ሰ.ወ ዝኾነ ትእዛዝ ክእዝዞም ከሎ እዚ ትእዛዝ ናይ ግድን ድዩ ወይስ ንክፍጽምዎ ፍቱው ይኸውን ኢሎም ጨሪሾም ይሓቱ ኣይነበሩን ፡ እንታይ ደኣ ቀጥታ ኣሚኖም ከይ ሓተቱ ትእዛዝ ይፍጽሙ ነበሩ ፡ እሞ በዚ መሰረት ንብለካ “ ሙሓመድ ዓ.ሰ.ወ. ሉኡኽ ናይ ኣላህ ምኽኑ ትኣምን ስለ ዝኾንካ እቲ ዝኣዘዘካ ከይሓተትካ ትእዛዙ ፈጽም ።

ወዲ-ሰብ ማለት ኣስላማይ ኣብ ገለ ገለ እዋን ምናልባት ብጌጋ ኣብ ሙኻለፋ ይወድቅ ፡ ኣብዚ እቲ ትእዛዝ ናይ ግድን ድዩ ወይስ ፍቱዊ ኣዩ ነይሩ ክሓትት ኣድላዪ ይኸውን ፡።

ኣንተደኣ እቲ ትእዛዝ ግድን ነይሩ ኣብ ሙኻለፋ ስለ ዝወደቀ ቶባ ክገብር ናይ ግድን እዩ ፡ እንተደኣ ናይ ግድን ዘይኮነ ድማ እቲ ነገር ቀሊል ማለት እዩ ።ናይ ግድን ቶባ ምግባር ኣየድልዮን እዩ ።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብ ሱረት ኣል-ኣዕራፍ ኣያ ቁ.26 ይብል:

يَا بَنِي آدَمَ قَدْ أَنزَلْنَا عَلَيْكُمْ لِبَاساً يُوَارِي سَوْآتِكُمْ وَرِيشاً وَلِبَاسُ التَّقْوَى ذَلِكَ خَيْرٌ ذَلِكَ مِنْ آيَاتِ اللَّهِ لَعَلَّهُمْ يَذَّكَّرُونَ (26)

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኻኣ:

ኣላህ ንዓና ክኸድነና ዝኽእል ክዳን ከም ዝሃበናን ይነግረና።
ግን እቲ ዝበለጸ መዳርግቲ ዘይብሉ ክዳን እቲ ፍርሂ ኣላህ ከምዝኾነ ይሕብረና።
ብፍርሂ ኣላህ ተደሪኽና እንተተጋዒዝና ኻኣ እቲ ዝበለጸ ክዳን እሱ ምኺኑ ምርሳዕ ኣይግባእን።
በዚ እተገለጸልና መሰረት ካኣ እዚ ኣደናቒ ምልክታት ናይ ረቢ ምኺኑ ንፈልጥ።

ዱዓእ:

(( ኣላሁማ ኣሪና ኣልሓቃ ሓቀን ወርዙቕና ኢቲባዓህ:ወኣሪና ኣልባጢላ ባጢለን ወርዙቕና ኢጅቲናባህ ))

ኣንታ ርህሩህ ጎይታና ሓቂ ኣርኢኻ መንገዲ ሓቂ ከምንኽተል ግበረና::ሓቂ ንዘይኮነ ኻኣ ሓቂ ከምዘይኮነ ኣርኢኻ ካብኡ ከምንለግስን ከምንርሕቕን ግበረና::

ኣሜን:

# ቢዳየት ኣልኽልቕ

*ብ ዓብደልዓሊም ስዒድ ቢያን*

## *መድረኻት ናይ ደቂ-ሰብ ድቂ ኣብ ቁርኣን*

ኣቀዲመ ብሽም እቲ ዝለገሰን ዝራህረህን ጎይታ ሓገዙን ደገፉን እሓትት ፡ ከምእውን ነዛ ንእሽተይ ጽሕፈት እዚኣ ንምትርጓም ዘብቀዓኒ ጎይታይ ምስግናን ውዳሰን ይብጻሓዮ ከይበልኩ ክሓልፍ ኣይደልን ።
ትሕዝቶ እዚኣ ጽሕፈት እንተደኣ ኣርእስታ ኣቓሊብናሉ ነቲ ተኣመር ዝኾነ ኣፈጣጥራና ተመልክት ምኻና ግልጺ እያ ። መግለጺ ሊቃውንቲ ብዛዕባ እቲ መወከሲታት ናይ ስነ-ፍልጠት ድቂ ኣብ ቁርኣን ዝረኸቡዎ ድማ ተጠቓልል ። እሱ ድማ ቕድሚ 14 ክፍለ-ዘመናት ዝወረደ መልእኽቲ ናብ ሉኡኽ ኣላህ ዓ.ሰ.ወ. ነቲ ናይ ግዝያዊ ምዕባለ ኣብ ዝተፈላለየ ስነ-ፍልጠታዊ መዳያት ተበጺሑ ዘሎ ኣዛሚዳ መረደኢ ክትኽዉን ብምሕሳበይ ተርጒመ ከቅርባ ዝወሰንኩ።

ሊቃውንቲ ኣዕጋቢ ዝኾነ መግለጺታት ብምርካቦምውን ብጣዕሚ ኣደኒቅዎም እዮ ።
በዚ ኣጋጣሚ እዚ እዛ እትስዕብ መደረ ብዛዕባ ዲቂን እቲ እተፈላየ ናይ ጥንሲ ምፍላም ሰለስተ መድረኻት ብብሮፌሰር ከይስ ሞር መምህር ስነ ቅርጺ ሰብነት ኣካላት ሰብ ፡ ከምኡው ን ቀንዲ ሓለፊ ክፍለ መሰረታዊ ስነ-ፍልጠታት ጨንፈር ሕክምና ኣብ ቶሮንቶ ዩቨርስቲ ካናዳ እዩ ።

ይብል ፕሮፌሰር ከይስ ሞረ. ናይ ምፍራይን ምዕባሌን ወዲ-ሰብ ዝውክስ መግለጺታት ኣብ ብሙሉኡ ቁርኣን ተዘርጊሑ ንረኽቦ ፡ እንተኾነ ግን ኣብዚ ቀረባ እዋናት እዩ እቲ ስነ-ፍልጠታዊ ናይ ገለ ገለ ኣያት ቁርኣን ትርጉም ምሉእ ተገዳስነትን ኣደንቆን ዝረኸበ ።

እቲ ብሓቂ ቀንዲ ሳዕቤን ነዚ ነዊሕ ምድንጓይ ዘምጸአ ኣብ ምብርራህ እዘን ኣያ ት እዚኣን ድማ ፡ እቲ ዘይልክዕ ኣተራጓጉማን መግለጽታትን እዩ ፡ ከምኡውን ካብቲ ሕጽረት ናይ ስነ-ፍልጥታዊ ኣፍልጠ እዩ ።
ተገዳስነት ናይ መግለጺ ኣያት ናይ ቁርኣን፡ ሓድሽ ሕጂ ተጀመረ ኣይኮነን ፡ ብግዜ ረሱል ዓለይሂ ሰላት ወሰላም ውን ሰሓባ ኩሉ ዓይነት ሕቶታት ይሓቱ እዮም ነይሮም፡ ወይከኣ ብዛዕባ ትርጉም ጥቅስታት ንምፍራይ ወዲ-ሰብ ዝምልከት ።

እቶም ዑለማእውን ካብ ኣሓዲስ ተበጊሶም መልሲታት ነዚ ሕቶ ይህቡ ነበሮ።
እዚ ትርጉም ወይ መግለጺ ናይዘን ጥቅስታት ቁርኣን ኣብዚ ጽሑፍና ኣቅርብናዮ ዘለና ፡ ብሸኽ ዓብዱል መጂድ ኣልዚንዳኒ ፡ ፕሮፌሰር. መምህር እስላማዊ ትምህርቲ ኣብ ናይ ንጉስ ዓብዱልዓዚዝ ዩኒቨርስት ዝነበር ዝቐረበ እዩ ።
ኣላህ ስብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልዙመር ኣያ ቁ:( 6) ይብል:

خَلَقَكُمْ مِنْ نَفْسٍ وَاحِدَةٍ ثُمَّ جَعَلَ مِنْهَا زَوْجَهَا وَأَنْزَلَ لَكُمْ مِنَ الأَنْعَامِ ثَمَانِيَةَ أَزْوَاجٍ يَخْلُقُكُمْ فِي بُطُونِ أُمَّهَاتِكُمْ خَلْقاً مِنْ بَعْدِ خَلْقٍ فِي ظُلُمَاتٍ ثَلاثٍ ذَلِكُمْ اللَّهُ رَبُّكُمْ لَهُ الْمُلْكُ لا إِلَهَ إِلاَّ هُوَ فَأَنَّى تُصْرَفُونَ (6)

ክሳብ ሕጂ ናይ ድቂ ምዕባሌ ኣብ ማህጸን ምኻኑ መዓስ ከምተፈተነ ኣይንፈልጥን ኢና ፡ ግን እቲ ናይ መጀመርታ ስእሊ ናይ ድቂ ዝተፈልጠ ኣብ መበል 15 ክፍለ ዘመን ብልዮናርዶ ዳ ፍንሽ ነበረት ፡ ኣብ መበል ካልኣይ ክፍለ ዘመን A.D. ጋለን ወይ ጃለን ዝተባህለ ብዛዕባ መዳሕንቲ ኣብ መጽሓፉ " ኣብታ ናይ ድቂ ምምዕባል " ዝስማ ገለጸ ።

ከምውጺኢት ናይዚ ምርምር ዚ . ዶክተራት ኣብ ሽውዓይ ክፍለ ዘመን ምዕባሌ ናይ ድቂ ወዲ-ሰብ ኣብ ማህጸን ከም ዝኸውን ፈሊጦም ፡ እዚ ምዕባሌ ናይ ድቂ ግን ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ከምዝኸውን ኣይፈለጡዎን እዮም ነይሮም ።

እቲ ኣብዚ ክንግዝዞ ዝግባእ፡ ወላ ኳ ኣሪስቶትል ኣብ መበል ራብዓይ ክፍለ-ዘመን ብ.ስ. መድረኻት ናይ ምምዕባል ድቂ ናይ ጩቓዊት እንተ ኣብረሀ ፡ እቲ ምምዕባል ናይ ደቂ-ሰብ ድቂ ኣብ መድረኻት ምኻኑ ግን ክሳብ መበል 15 ክፍለ-ዘመን ወላኳ ኣይተመያየጡሉን እዮም ነይሮም ፡ ከምኡውን ነዘን መድረኻት ደረጃ ምዕባለታት ዝገልጽ ስእልታት ኣይነብርን ።

ኣብ መበል 17 ክፍለ-ዘመን ንመጀምርያ ጊዜ ብ ኣንቶኒ ቫን ሊፈንሁክ ምስተፈልጠ ፡መግለጺታት እቲ ቀዳማይ መድረኽ ናይ ጫቖት ድቂ ዝበርሀ ፡ መድረኻት ናይ ወዲ-ሰብ ድቂ ግን ክሳብ መበል 20 ክፍለ-ዘመን ተገሊጹ ኣይነበረን ።

ኣሰታት 1941 እስትራተር እቲ ቀዳማይ ስርዓት (ኣገባብ) ናይ ምምድራኽ ኣማዕቢሉ ፡ ብ 1972 ድማ እቲ ጥንቅቁን ልክዕን ዝኾነ ኣገባብ ድቂ ምምድራኽ ብ ኦ'ራሂልሊ ዝተባህለ ተተከአ ። "

ሱረት ኣልኣንዓም ኣያ ቁ. 6 ( ሰለስተ ናይ ጽልምትና ንጻፋት ወይ ደርብታት) ኣብዛ ኣያ እዚኣ ናብዘን ዝስዕባ መድረኻት ተመልክት ትኸውን ።
the anaterior abominal wall .
the uterine wall.

the amniochorionic membrane
ወላ'ኳ ነዚ  መግለጺ  ካልእ መብረሂታት እንተሎ ፡ እቲ  ቅቡል  ኮይኑ ኣብዚ እዋንዚ ብዛዕባ ናይ ድቂ ዝምልከት ኣረኣኢ.ያ እዙይ እዩ ።

ኣላህ ስብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልሙእሚኒን ኣያ ቁ:(12,13 ን) ይብል:

وَلَقَدْ خَلَقْنَا الإِنسَانَ مِنْ سُلالَةٍ مِنْ طِينٍ (12)
ثُمَّ جَعَلْنَاهُ نُطْفَةً فِي قَرَارٍ مَكِينٍ (13)

ሓፈሻዊ ትንተና ጥቕሲ 12, 13 ን ካብ ሱረት አል ሙእምኑን :

ረቢ ሱሓነሁ ወተዓላ እቲ ክኢላን ፍጹምን ዝኾነ ፈጣሪና ኣብ ጥቅሲ 12 ንኣቦና ኣደም  ካብ ምንታይ ከም ዝፈጠሮ ይሕብር:: ድሕር ምጽናሑ  ኣብ ጥቕሲ 13 ነ ቲ ወዲ-ሰብ  እቲ  ካብ አቡና ኣደም  ዝፈረየ ድማ ከመይ ከምተፈጥረ ይሕብር ።

ወዲ-ሰብ ካብታ ንጣቦ ካብ ዓንዲ ሕቆ ኣቦ ምስታ እንቃቑሖ ኣደ ኣብ ማህጸን( አብ ቦታ ናይ ዕረፍቲ ) ብምርኻብ ቀዳማይ መድረኽ ናይ ወዲ-ሰብ ምፍጣር ኣብኡ ይጅመር ።

፣ እዛ መግለጺ እዚኣ ካብ ሱረት ኣልሙእምኑን ኣያ ቁ. 13 እያ ።
ቃል ኑጥፋ (ንጣብ) እስፐርም ዘርኢ ተባዕታይ ኩይኑ በሪሁ ኣሎ ፡ ግን እቲ ዝሓሸን ምሉእ ትርጉም ናይዚ ዘርኢ ተባዕታይ መግለጺ ክኸውን ዝግብኦ ዚጎት( zygote) እዩ ፡ እሱ ድማ ማለት ዚጎት  ድሕሪ ናብ ዝተፈላለየ ቅርጽታት ምስ ተማቃቀለ መጨርሻ ኣብ ማህጸን ይቕመጥ ( ' ቦታ ናይ ዕረፍቲ' ) ፡ እዚ መብርህ ' ዚ ብኻልኣይቲ ጥቅሲ ቁርኣን ተደጊፉ ንረኽቦ ፡ ደቂ ሰባት ካብ ዝተሓዋወሰ ንጣባት እዮም ተፈጢሮም ፡ ድሕሪ  ምትሕውዋስን ምጽንባርን ዘርኢ ተባዕታይ ምስ እንቋቅሖ ጓል ኣንስተይቲ ዝተቀርጸ መልክዕ ማለት እዩ ( "ሕውስዋስ ንጣብ" ) .

ثُمَّ خَلَقْنَا النُّطْفَةَ عَلَقَةً فَخَلَقْنَا الْعَلَقَةَ مُضْغَةً فَخَلَقْنَا الْمُضْغَةَ عِظَاماً فَكَسَوْنَا الْعِظَامَ لَحْماً ثُمَّ أَنشَأْنَاهُ خَلْقاً آخَرَ فَتَبَارَكَ اللَّهُ أَحْسَنُ الْخَالِقِينَ (14)

ኣልሙእምኑን ኣያ 14 .
ሓፈሻዊ ትንተና:እያ: ቀጺሉ ድማ ይብል ኣላህ ኣብ ጥቕሲ ቁ.14 እታ ንጣቦ ካብ ኣቦ ምስታ ናይ ኣደ እንቓቆሖ ኣብ ማህጸን ተራኺቦም ድሕር ምትሕውዋሶን ድማ ናብ ዓለቅቲ ይፈጥራ ወይከኣ (ድስኩል ንጣብ ደም ) ብኣጻብዕቲ እንተደኣ ተተንኪፉ ኣብ ኣጻብዕቲ ዝለግብ ።

ኣልዓለቓ እትብል ቃል ኣብዛ ኣያ ንዓለቅቲ ዝተመልከት እያ ፡ እዚ ድማ እቲ ዝቀረበ መግለጺ ንድቂ ወዲ-ሰብ ካብ ሻውዓይ መዓልቲ ክሳብ መበል ዕስራን ኣርብዕተን ፡ ናብቲ ማህጸን ጓል-ኣንስተይቲ ምስ ኣተወት ኣጸቢ.ቃ ትለግብ ከምቲ እታ ዓለቅቲ ኣብ ቆርበት ሰብ እትለግብ ፡ ልክዕ ከምቲ እታ ዓለቅቲ ኣብ ቆርበት ለጊባ ካብቲ ኣንጋዳይ ደም ትስሕብ እታ ናይ ድቂ ዓለቅቲ ውን ካብታ ጥንስቲ ደም ትስሕብ እያ ፡ ካብ ስእሊ ቁጽሪ 2 ክሳብ ክንደይ ድቂ ካብ መበል 23 ወይ 24 ተመሰሳልነት ከምዘልዎ ክ ንስተባህል ንኽእል ።

ኣብ መበል 17 ክፍለ-ዘመን ማይክሪስኮብ ወይ መግልሒ መነጸራት እንተዘይነብር ፡ ዶክተራት ነታ ዓለቅቲ ናይ ወዲ-ሰብ ድቂ እንታይ ከምዝመስል ክፈልጥዎ ኣይም ኻኣሉን ነይሮም ።

ኣብቲ ቀዳማይ ክፋለ ናይ ራብዓይ ሰሙን እቲ ድቂ ብዓይኒ ክረአ ዝኽኣል ብጣዕሚ ንእሽተይ ክንድ ፍጋእ ናይ ስርናይ እዩ ዝኸውን ።
እዛ ክፋል እዚኣ መቀጸልታ ካብ ጥቕሲ 14 እያ ይብል ኣብኣ ረቢ ሱሓነሁ ወተዓላ እታ ዓለቅቲ ወይ ድስኩል ንጣብ ደም ድማ ናብ ሙድቓ ፈጥርናያ። ሙድቓ ማለት ድማ ንእሽተይ ስጋ ክንዲ ኩላሶ ትኸውን ማለት እዩ ።

እዚኣ መግለጺ ውን ካብ ሱረት ኣልሙእምኑን መቀጸልታ ካብ ጥቅሲ 14 ትርጉም ናይ እዛ ዓረብ ቃል ሙድቓህ ትብል ድማ ኩላሶ ፡ ጥቃ መደምደምታ ራብዓይ ሰሙን ምስ በጸሐ እቲ ናይ ወዲ-ሰብ ድቂ ዳርጋ ኩላሶ ወይ ኩላሶ ስጋ ኽመስል እዩ ።ከምኡውን ይብል ኣላህ ዓዛ ወጀል ካብቲ ክንዲ ኹላሱ ስጋ ዝኸውን ፍጥረት ኣዕጽምቲ ፈጥርና ነቲ ዝተፈጥረ ኣዕጽምቲ ድማ ብስጋ ሸፊንናዮ ።

እዛ ቀጻልነት ናይ ሱረት ኣልሙእምኑን ካብ ጥቅሲ ቁ.14 እቲ ጭዋዳን ኣዕጽምቲን ካብት ናይ ሕዩኽ ኩላሶ ስጋ ዝመስል (ሙድቓህ) መድረኽ ይህነጽ ምኻኑ ተመልክት፡ እዚ ድማ ምስቲ ናይ ድቂ ምዕባለን ለውጥታቱን ዘሳኒ እዩ ።
ቀዳማይ እቲ ርቕቅ ዝበለ ኣዕጽምቲ ምስተሃንጸ ድሕርኡ እዚ ኣዕጽምቲ ብጭዋዳን ብስጋን ይሸፈን ።

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ይብል: " ካብ ንጣብ ኣቦን እቓቖሖ ኣደን ፈጥሩ ድሕሪኡ ድማ ሓፍስ ናጣብ ደም ምልዋጡ እዚ ደም ናብ ክንዲ ኹላሶ ዝኸውን ስጋ ምስ ፈጠሮ ድሕሪኡ ኣዕጽምቲ ፈጥሩ ስጋ ምስ ሸፈኖ ይብል ድሕሪኡ ካልእ ፍጡር ጌርናዮ ብኻልእ ኣባሃህላ ካልእ ወዲሰብ ንኣቡኡ ኣደም ዝመስል ተፈጢሩ ማለት እዩ ፡ ብከምዚ ኣገባብን መድረኻትን እዩ ረቢ ንኣደምን ደቂ ኣደምን ዝፈጠሮም ።

እዛ ክፋል ጥቅሲ 14 ካብ ሱረት ኣልሙእምኑን እቲ ኣዕጽምትን ጭዋዳን ድማ ናብቲ ካልኣይ ዓይነት ፍጡረት ከም ዘሰዓብ ተመልኪትና ፡ እዚ ድማ ምናልባት እቲ ኣብ መደምደምታ ሻሙናይ ሰሙን እቲ ድቂ ወዲ-ሰብ ሰብ መሳሊ ቅርጺ ምስ ፈለየ ትሕብር ፡ ኣብዚ መድረኽዚ ድማ እቲ ናይ ውሽጥን

ግዳምን ኣካላት ሰውነቱ ንምልላይን ምፍልላይን ዝክኣል።

ድሕሪ ሻሙናይ ሰሙን እቲ ናይ ደቂ-ሰብ ጥንሲ ድቂ ዝበሃል ፡ ማለት እቲ ሓድሽ ፍጥረት ተባሂሉ ኣብታ ጥቅሲ ነዚ መድረኽ ዘመልክት እዩ ዝኸውን ።

ኣላህ ስብሓነሁ ወታዓላ ኣብ ሱረት ኣልሓጅ ኣያ ቁ:( 5) ይብል:

يَا أَيُّهَا النَّاسُ إِنْ كُنْتُمْ فِي رَيْبٍ مِنْ الْبَعْثِ فَإِنَّا خَلَقْنَاكُمْ مِنْ
تُرَابٍ ثُمَّ مِنْ نُطْفَةٍ ثُمَّ مِنْ عَلَقَةٍ ثُمَّ مِنْ مُضْغَةٍ مُخَلَّقَةٍ وَغَيْرِ
مُخَلَّقَةٍ لِنُبَيِّنَ لَكُمْ وَنُقِرُّ فِي الأَرْحَامِ مَا نَشَاءُ إِلَى أَجَلٍ مُسَمًّى
ثُمَّ نُخْرِجُكُمْ طِفْلاً ثُمَّ لِتَبْلُغُوا أَشُدَّكُمْ وَمِنْكُمْ مَنْ يُتَوَفَّى
وَمِنْكُمْ مَنْ يُرَدُّ إِلَى أَرْذَلِ الْعُمُرِ لِكَيْلا يَعْلَمَ مِنْ بَعْدِ عِلْمٍ شَيْئاً
وَتَرَى الأَرْضَ هَامِدَةً فَإِذَا أَنزَلْنَا عَلَيْهَا الْمَاءَ اهْتَزَّتْ وَرَبَتْ
وَأَنْبَتَتْ مِنْ كُلِّ زَوْجٍ بَهِيجٍ (5)

ሓፈሻዊ ትንተና ጥቕሲ:
ኣብ ቀዳማይ ክፋል ጥቕሲ ሓሙሽተ ካብ ሱረት ኣልሓጅ ኣላህ ይብል: እቲ ኹቡር ጎይታ “ ከምኡውን ካብቲ ክንድ ኩላሶ ስጋ ወይ ሙድቛ እንተደኣ ደልዩ እታ ሙድቛ ናብ ቀልዓ ይፈጥራ ቀልዓ ኮይኑ ድማ ይውለድ እንተደይ ደልዩ ኸኣ ናብ ቀልዓ ከይፈጠራ ካብ ማህጸን ይሰዶ ።

ኣብዛ ካለኣይቲ ክፋል ካብ መደምደምታ ጥቕሲ ቁ. 5 ካብ ሱረት ኣልሓጅ ይብል ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብቲ ቀዳማይ ክፋል እቲ መድረኻት ናይ ምፍጣር ድሕሪ ምጥቃሱ ይብል ኣብዛ ክፋል እዚኣ ንሕና ኢና ነቲ ሂወት ዝደለናሉ ክሳብ መጨርሳ ጥንሲ ኣብ ማህጸ ኣድኡ ክሳብ ዝውለድ ነጽንሖ ።

ኣብዛ ካልኣይቲ ክፋል ጥቕሲ ቁ. 5 ካብ ሱረት ኣልሓጅ ረቢ ሱብሓነሁ ወተዓላ እቲ ድቂ ኣብ ማህጸን ክሳብ መደምደምታ ግዜኡ ዝኣክል ብድልየቱ ከጽንሖ ዝኽእል ምዃኑ ተመልክት ።

ፍሉጥ እዩ መብዛሕትኡ ድቂታት ኣብ ቀዳማይ ናይ ምምዕባል ወርሑ ከምዝኸይድ ፡ ዳርጋ 30% ካብቶም ድቂታት ኣብ ማህጸን ዝተሃንጹ ጥራይ እዮም ክሳብ ዝውለዱ ዝጸንሑ ፡ ከምኡውን እዚኣቶም ድቂታት ናይ ምፍላይ ጸታኦም ወዲ ዶ ጓል ረቢ ከምዝውሰኖ ተብርሂልና ።

እዚ ናይ ጥንስታት መግለጺ ኣብ ቁርኣን ፡ ብዛዕባ መድረኻት ምምዕባል ድቂ ደቂ-ሰባት ፡ ኣብ መበል 17 ክፍለ ዘመን ኢ. ደ ኣይተበጽሐን እዩ ነይሩ ( ኣይምተኻእለን ) ከምኡውን ወላኳ ቅድሚ 100 ዓመታት ዝሓለፈ ኣይተፈልጠን እዩ ነይሩ ።

ሎሚ ግን ከምዚ ጌርና ክነብርሆ ዝኸኣልና ምኽንያት ፡ ስለ እቲ ምዕባለ ናይ ስነ-ፍልጠት ዘቕረበልና ሓዲሽ ኣፍልጦን መረደኢታትን ብዛዕባ ንድቂን መድረኽታቱን ዝምልከት እዩ።

ካልኦት ጥቕስታት ንምምዕባል ድቂ ደቂ-ሰባት ኣብ ቁርኣን ከምዘሎ ዘጠራጥር ኣይኮነን ፡ ኣብ መጻኢ ግዜ ፍልፈጠና ብዝያዳ ምስ ወሰኽ ኽንፈልጦን ክንርደኦን ክንኽእል እና ።

ወሊላሂ ኣልሓምድ:ምስጋና ንኣላህ ይኹን

ክቡራት ኣሕዋት ኣብ ኢንተርነትን ትሕቲ Editions ሕታማት መጺሔት ኣልሁዳ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም:ከምኡዉን ኣብ ትሕቲ Topics ዝብል links ነዚ ዝስዕብ ዛዕባታት ( ኣርእስትታት) ከተንብብ ትኽእሉ ኢኹም::

Alhuda1.com

- ሓላፍነት ናይ ጠባያዊ ተርቢያ
- ቀልዑ ማዕሪ ጌርካ ክራኣዮ
- እምነትን ቅንዕናን
- ፍረ ሓሳብ ብዛዕባ ምስልታትን ስራሓቶምን
- ግዜና ንደቅና
- ሓራምን ሓላልን
- ሂወትካ ኣሕድስ
- ሂወትካ ፍረ ሓሳብካ
- ክብረት ናይ ስራሕ
- ምዕባሌ
- መብጻዓ ኣብ ግብሪ ምውዓል
- መዲ
- መን ኢኻ
- መርዓ
- ሞራላዊ ጠባያትና
- ሙሳመሓን ተጻዋርነትን
- ንኣንበብቲ
- ናይ መጻኢ ኣራኣእያና
- ሳዕቤን ዘይምስራሕ
- ሰብሪ መዕስ ይደሊ